www.alhuda1.com

ኣኣብ ሰለስተ ወርሒ እትሕተም እስላማዊት መጺሔት ቁ፡ (19) February 2007

## ትሕዝቶ ሕታም ገጽ


- *ኣልረሒቕ ኣልመኽቱም (ቁረይሽ ባዛዕባ......*
  *እቲ ጻውዒት ሰብከት ምስልምና ፈለጡ......(2.3)*
- **መለለይ ጠባይ ናይ ዳዒ(ሰባኺ) (5) ምስ ሰብ ምሕዋስ..(4.5**
- *ሽርሕ ኣልኣርበዑን ኣልነወዊያ( ሓዲስ ቁ:(2)........(5, 6,7)*
- *ቁርኣናዊ ትምህርቲ ( وَلَا تَنَازَعُوا فَتَفْشَلُوا وَتَذْهَبَ رِيحُكُمْ) ...... (8)*


***ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን*** ሰላም ናይ ኣላህ ምሳኹም ትኹን እናበልና ነዛ ሕታም ኣልሁዳ ቁ:19 ነቕርበልኩም:: ከምቲ ኣብዛ ገጽ ኣብ ትሕቲ ትሕዝቶ ሕታም ቀሪቡ ዘሎ:እዛ ሕታም ነቲ ብተኻታታሊ ናይ ረሱል ( ሰ.ዓ.ወ:)ሂወትን ታሪኽን ዝገልጽ:ሲራ እሞ ኣረሒቕ ኣልመኽቱም ዝብል ሽም ተዋሂቡ ዘሎ ነቕርበልኩም::

ኣብዛ ሕታም እምበኣር ነቲ ብምስጢር ዝካየድ ዝነበረ ጻውዒት ናብ ምስልምና ብናይ ኣላህ ትእዛዝ:ዕላዊ ክኸውን ስለ እተወሰነ እዩ::ፈላሚት መልእኽቲ ነዚ ዕላዊ ጻውዒት( ስብከት)እስልምና ዝምልከት ከምዚ ትንበብ (( ነቶም ቀረባ ቤተሰብካን ኣዝማድካን ( ኦ ሙሓመድ)ኣጠንቅቕ::እዛ ቀዳመይቲ ጥቕሲ ነዚ ዕላዊ ስብከት ዘፍቀደት ኣብ ሱረቱል ኣልሹዓራእ (ገጠምቲ) ኻኣ ኣብ ቁርኣን ንረኽባ.....ገጽ 2,3 ን ተዓዘብ

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ኣልሁዳ ብዛዕባ ሽርሕ( ትንተናን መግለጺን) ካብ መጽሓፍ ኣልኣርበዑን ኣልነወዊያ ንሓዲስ ቁ.( 2) ዝምልከት:ክሳብ ነቲ ብጂብሪል ንሙሓመድ ዝሓተቶ:ብዛዕባ ኢማን ንገረኒ ብዝብል ጠጠው ኢልና ኔርና:: ኣብዛ ሕታም እዚኣ ኻኣ ብሰይድና ሙሓመድ ንዝቐረበ መልሲ:ነቕርበልኩም::.........ገጽ 5,6,7 ተመልከት

ክቡራት ኣንበብቲ ዓቕምና ብዘፍቅዶ ነዚ ጠቓሚ እዩ ኢልና ዝኣመናሉ ትርጉማት ከነቕርበልኩም ደስ ይብለና:: እቲ ካባኹም እንሓቶ ካኣ:ነዚ ጽሑፋት ብዘመልከት መአረምታ ይኹን ነቑፈታ ንኽተቕርቡልና ብትሕትና ንሓትት:: ነቶም ኣብ መዳይ ናይ ጽሕፈትን ምቱርጓምን ክእለት ዘለዎም ኣሕዋት ካኣ እጃሞም ከበርክቱ ጻዊዒትና ነቕርብ::

ንሕና ዓቕምና ብዘፍቅዶ ክእለት ሃልዩና ዘይኮነስ ነቲ በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ ዝብል ጻውዒት ናይ ረሱል ኣብ ተግባር ንምውዓል እዩ:እቲ ክንጽሕፍን ክንትርጉምን ዝደረኽና::

*ኣሕዋትኩም ኣሰናዳእቲ መጺሔት ኣልሁዳ*

# *ቁረይሽ ባዛዕባ እቲ ጻውዒት (ስብከት ምስልምና) ፈለጡ*

እዚ ደረጃ ስብከት( ጻውዒት)እዚ:ምንም እኳ ብምስጢራዊ ኣገባብ ይካየድ እንተነበረ:እቲ ወሩኡ ግን ኣብ ምሉእ መካ ተዘርጊሑ :ህዝቢ ካኣ ብሃንቀውታ ክቕበሎ ጀሚሩ ነበረ::ኣብ መጀመርታ ዓበይቲ ዓዲ መካ ብዛዕባ ሙሓመድን ( ሰ.ዓ.ወ)ን ኣስተምህሮኡን( ስብከቱን)ኣይተገደሱን::ከም በዓል እመያህ በኒ ኣስ-ሳልት:ቀይስ በኒ ሳዕዳህ ዓምር በኒ ኑፈይልን ከምኦም ዘኣመሰሉን ብዛዕባ ኣምልኾትን:ጣኦታትን ሃይማኖታዊ ዓዲታትን ዝፈላሰፉ ዝነበሩ ፍላስፋታት ከምኦም ጌሮም ይወስድዎም ነበሩ::እዚ ሽለልትነቶም ግን ብቕልጡፍ ናብ ስግኣት ተለወጠ::

ሙሽሪኪን ( ብዝሃ-ዘሄራዊያን )ቁረይሽ ንጥፈታት ነብይና ሙሓመድ ( ሰ.ዓ.ወ) ብቐረባን ብዓቢ ሻቕሎትን ክከታተልዎን ጀመሩ::እዚ ኻኣ እቲ ዘስፋሕፍሕ ዝነበረ ስብከት ምስልምና ኣብ ኣረኣእያ ህዝቦም ለውጢ ከየምጽእ ብምስጋእ እዩ::
ኣብዚ እዋን ሚስጢራዊ ስብከት( ጻውዒት)እስልምና እቶም ሙእሚንን (ኣመንቲ)ብሕውነታዊ መንፈስ ተሓቛቒፎም ክትሓባበሩ ከለዉ ንሓንቲ ዕላማ ጥራይ እዩ ዝነበረ::እቲ ዕላማ ድማ ንምስልምና ድልዱል መሰረት ኣንጺፎም ንምስፍሕፋሕ እዩ::ንሰለስተ ዓመታት ዝኣክል ነብይና ሙሓመድ: ( ሰ.ዓ.ወ) ኣብታ ንእሽተን ጸባብን ሕዝኣት( ዓንኬል)ጥራይ ክሰብኽ ዕጉብ ነበረ::እንተኾነ ግን ብግልጺ ጻውዒቱ( ስብከቱ)ዓው ኢሉ ንዓለም ዘስማዕሉ እውን ኣርከቦ::

መልኣኽ ጂብሪል ተወሳኺ መልእኽቲ ድልየት ኣላህ ኣምጻኣሉ:መልእኽቲ ድማ ንህዝቡ እቲ ሓቂ ክነግሮምን እቲ ሓሶቶም ከፍርሶን እቲ ንጣኦት ዝነበሩ መግዛእቲ ከወግዱን ዝብል ንበረ::

## <u>እቲ ካላኣይ ተርእዮ:ብዕሊ ምጽዋዕ( ምስባኽ)</u>

ፈላሚት መልእኽቲ ነዚ ዕላዊ ጻውዒት( ስብከት)እስልምና ዝምልከት ከምዚ ትንበብ (( ነቶም ቀረባ ቤተሰብካን ኣዝማድካን ( ኦ ሙሓመድ)ኣጠንቅቕ::እዛ ቀዳመይቲ ጥቕሲ ነዚ ዕላዊ ስብከት ዘፍቀደት ኣብ ሱረቱል ኣልሹዓራእ (ገጠምቲ) ኻኣ ኣብ ቁርኣን ንረኽባ::እዛ ሱራ ብኣሹዓራእ(ገጠምቲ) እተሰምየት:ንታሪኽ ነብይ ኣላህ ሙሳ (ዓ.ሰ.ወ.)ካብቲ ነብይ ዝኾነሉ እዋን ኣትሒዛ ምስ ደቂ እስራኢል ዝገብሮ ስደት ኣብሪሃ::ካብ ፍርዖንን ህዝቡን ዝገበርዎ ታኣምራታዊ ምምላጥ ዘኪራ:ክሳብ እቲ ንጉስ ቀዳማዊት ግብጺ( ፍርዖን) ንዘሰለፎ ሰራዊቱን ኣብ

ባሕሪ ዝጣሓለሉ እዋን ተዘንትወልና::

ብተወሳኺ እታ ምዕራፍ:ሙሳ (ዓ.ሰ.ወ.)ንፍርዖን ክቃለሶን ንህዝቡ ናብ ኣላህ ናይ ምጽዋዕ ዕማሙ ኣብ ምትግባር ዝሓለፎም ተፈላለዩ መድረኻት ተዘንትው ነበረት::ታሪኽ ኣጠፋፈኣ:ልኡኻት ረቢ ዘሓሰው ህዝብታት ከም በዓል ህዝብታት ኖሕ:ዓድ ሰሙድ:ኢብራሂም:ሉጥን ኣህሉል ኣይካህን ( ሰብ ገረብ )ንኣይካ ትባሃል ገረብ( ኦም) ዝግዝኡ ዝነበሩ ህዝቢ እውን እዛ ምዕራፍ ሒዛ ትርከብ::

እሳ ኣብቲ ማእከላይ ዘመን መድረኽ ስብከት ኣብ መካ ዝወረደት ነበረት::ኣብቲ እዋን ምርጻም ብርሃን ነብይና ሙሓመድ:((ሰዓ.ወ)::እስልምና ምስቲ ዝነበረ ትዕቢቶም ይፈታተኖም ንበረ::እታ ሱራ ተመሓላልፎ መልእኽቲ ኻኣ ብሓጺር ""ሓቂ ኣይትሳዓርን እያ::እስልምና ኣብ መካ ምስወረደ እቶም ሰራማት ሰባት ክዓግትዎ ፈተኑ:እንተኾነ ግን ሓቂ ከም ሓሶት ስለ ዘይኮነት ክትጸንዕ ምኻና::ብኣንጻሩ እኳ ድኣ:ሓሶት ግን ብርግጽ ጠፋኢት እያ:ዘስምዕ መልእኽቲ ክሓቁፍ ነበረት::

## <u>*ዝቐረቡ ኣዝማድ ምጽዋዕ*</u>

ነብይና ሙሓመድ:(ሰ.ዓ.ወ) ትእዛዝ ኣላህ ኣኽቢሩ ንኣዝማዱ በኒ ሃሽም ምስ በኒ ሙጣሊብ:በኒ ዓብዱ ሙናፍ ሓዊሱ ኣከቦም: ኣስታት 45 ሰብኡት ማ ይኾኑ ነበሩ::ኣቡ ላሃብ ኣብቲ መእተዊ ኣኼባ ተቐላጢፉ ንነብይና ሙሓመድ (ሰዓ.ወ): ከምዚ በሎ: "" እዚኦም ኣብዚ ዘለዉ ሓዎቦታትካ:ኣኮታትካን ደቆምን እዮም::ቀልጢፍካ ተዛረብ::ግን መጀመርታ ክትፈልጠ ዘለካ:ኣዝማድካ ኣንጻር ኲሎም ዓረብ ጠጠው ክብሉ ኣይኽእሉን እዮም::ባህሎም እንተተኸቲልካ ንየኦም ካብ ንኻለኦት ቀቢላታት ቁረይሽ ብኣዕራብ ዝሕገዙ ካብ ምግጣም ከተናግፎም ኢኻ::ብርግጽ ከማኻ ጌሩ ንኣዝማዱ ዘዋረደ( ዝጎደአ)ሰብ ፍጹም ኣይፈልጥን እየ: በሎ

ልኡኽ ናይ ኣላህ መሓመድ ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰለም: ግን ኣይመለሰሉን ኣብቲ ኣኼባ ድማ ኣይታዛረበን::ንኻላኣይ ግዜ ኣኪቡ ክሰምዕዎ ጸጥ ምስ ኣበሎም ተሲኡ ሓጻር መደረ ኣስመየም::ብርትዓዊ ኣገባብ ኻኣ እንታይ ኻኣ እንታይ ሓደጋ ከምዘንጸላልዎም ዘሎ ሓበሮም::መደርኡ ድማ እዚ ዝስዕብ ነበረ:

*"" ኣላህ ክብሩ ይስፋሕ ሓገዙ እልምን.ብኡ ኻኣ ይኣምን እምነተይ ኣብኡ ይገብር::እምስክር ካኣ: ኣለኹ ብጀካ ኣላህ ጎይታ ወይ እውን ምስኡ ንግዘኦ ጎይታ ከምዘየሎ::መራሒ ንህዝቡ ኣይሕስወለሙን እዩ ከምቲ ኩሉ ዝፈልጦ::ወላሂ ብጀካ ኣላህ ጎይታ ዝባሃል የሎን::ኣነ ኻኣ ብፍላይ ንዓኹም( ህዝቢ ቁረይሽ) ብሓፈሻ ኻኣ ንኩሎም ደቂ ሰባት ዝተላእኽኩ:ልኡኽ ኣላህ እየ:: ወላሂ ከምዛ ድቃስኩም ክትሞቱ ኢኹም::ከምዛ ካብ ድቃስኩም ትበራበርዎ ኻኣ ሞይትኩም ክትስኡ ኢኹም::ሽዑ በቲ ኣብዛ ዓለም ዝገብርኩሞ ተግባራት ክትሕተቱ ኢኹም::ከከምቲ ተግባርኩም ኻኣ ሽዑ ወይ ጀሃነም( ጋሃነም)ወይ ድማ ጀና( ገነት)ክትኣትዉ ኢኹም::ሂወት ድማ ኣብታ ዓለም ዘልኣለማዊት እያ::""*

ኣቡ ጣሊብ ነዚ ምስ ሰምዐ "" ክንሕግዘካ:ምኽርኻ ክንቅበል:ብዘረባኻ ክንኣምን ደስ እዩ ዝብለና::እዚኦም ኣኪብካዮም ዘለኻ ኣዝማድካን ህዝብኻን እዮም::ኣነ ኻኣ ካብኦም እየ::ኣነ ቅድሚ ኹሎም እቲ ትደልዮ ክገብረልካ ድሉው እየ::እቲ ታኣዘዝካዮ ግበር::ኣነ ኻኣ ክከላኸለልካ እየ::ግን ሃይማኖት ዓብዱልሙጠሊብ ኣይገድፎን እየ:"" በሎ::እቡ ላሃብ ትቕብል ኣቢሊ ኻኣ:ንኣቡ ጣሊብ ለምዚ በሎ:"" ወላሂ እዚ ነገር እከይ (ሕማቕ)እዩ::ቅድሚ ካለኦት ባዕልኻ ደው ኣብሎ::ኣቡ ጣሊብ ኻኣ"" ወላሂ ክሳብ ብሂወተይ ዘለኹሉ እዋን ክከላኸለሉ እየ"" ኢሉ መለሰሉ::

## ጻውዒት ካብ ጎቦ ኣስ-ሰፋእ

ልኡኽ ኣላህ መሓመድ ሰ.ዓ.ወ.: ኣቡጣሊብ ክከላኸለሉ ከምዝኾነ ምስ ኣረጋገጸ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ጎቦ ኣስፋእ ደይቡ ዓው ኢሉ ""ኦ! ሰባሃህ (እዚ ኣጸዋውዓ እዚ ሰብ ክሕግዘካ ምስትደሊ ወይ ካብ ሓደጋ ከተጠንቅቅ ኢልካ ትገብሮ ኣጸዋውዓ ኮይኑ፣ ኣብ ዓረብ ሉሙድ ነበረ) ቀቢላታት ቁሬይሽ ካኣ ናብታ ጎቦ ገጾም ጎየዩ። ሽዑኡ ነብይና መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ብሓድነት ኣላህ ክምስክሩ ሉኡኽ ናይ ኣላህ ሙኻኑ ክኣምኑሉ ብየውሙልቂያማህ (ማዓልቲ ትንሳኤ) ክኣምኑ ጸወዖም። ኣልቡኻሪ ገለ ክፋል እዚ ታሪኽ ካብ ኢብኒ ዓባስ ብዝመጸ ሓበሬታ መሰረት ብኸምዚ ዝስዕብ የቕርበልና፣ ኢብኒ ዓባስ "እዘን ዝስዕባ ቃላት ምስ ወረዳ: وَأَنذِرْ عَشِيرَتَكَ الأَقْرَبِينَ (214) 'ንቀረባ ኣዝማድካ ኣጠንቅቅ' (26፥214) ሉኡኽ ኣላህ መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ጎቦ ኣልስፋእ ደይቡ ክጽውዕ ጀመረ ""'ኦ! በኒ ፉህር! ኦ! በኒ ዓድ' ኢሉ ክልተ ቀቢላታት ቁሬይሽ ጸወዓ። ብዙሕ ሰብ ተኣከበ እቶም ክመጹ ዘይካኣሉ ካልእ ሰብ ላኣኹ ኣቡላሃብ እውን ኣብኡ ተረኸበ። ሽዑኡ ነብይና መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ከምዚ በሎም "ሕጂ ገለ ፈረሰኛታት ኣብቲ ስንጥሮ ኮይኖም ክወርኹም ይዳለዉ ኣለዉ እንተዝብለኩም ምኣመንኩሙኒ ዶ?" ኢሉ ሓተቶም፣ እሶምካኣ "እወ! እስኻ ሓሲኻ ርኢናካ ኣይንፈልጥን ኢና" ኢሎም መለስሉ። ሽዑኡ ትቕብል ኣቢሉ "ኣነ እምብኣር ኣብዚ እዋን ካብ ሓደ ብርቱዕ ስቅያትን መቕጻዕትን የጠንቅቐኩም ኣለኹ" በሎም። ኣቡላሃብ ብወገኑ ተቓቢሉ "ከመይ የጥፍእካ! ነዚ ኢኻ ኣኪብካና" በሎ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ካኣ እዘን ቃላት ወረዳ
(1) تَبَّتْ يَدَا أَبِي لَهَبٍ وَتَبَّ "ጠፊኤን ኢድ ኣቡላሃብ፣ ጠፊኤን.." (111፥1) ኢሉ እቲ ዛንታ ነገረና።(1) ሙስሊም ዝባሃል ዘረባ ነብይና መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ዝከታተል ሙሁር ካልእ ክፋል እዚ ታሪኽ ካብ ኣቡሁሬይራ ብዝበጸሖ ሓበሬታ መሰረት ከምዚ ኢሉ ኣብ መጽሓፍ ኣስፊርዎ ኣሎ። ኣቡሁሬይራ ከምተዛረቦ " 'ንቀረባ ኣዝማድካ ኣጠንቅቕ' ትብል ጥቅሲ ቁርኣን ምስ ወረደት ሉኡኽ ኣላህ ሰ.ዓ.ወ. ኩሎም ህዝቢ ቁሬይሽ ኣከቦም። እሶም ካኣ ምስ ተኣከቡ ሓፈሻዊ መጠንቀቕታ ካኣ ሃቦም(ኣስመዮም)። ቀጺሉ ንገለ ቀቢላታት እንዳጸወዓ ከምዚ በለ "ኦ! ቁሬይሽ ነብስኹም ካብ ሓቂ ኣድሕኑዋ። ኦ! ህዝቢ በኒካዕብ ነብስኹም ካብ ሓዊ ኣድሕኑዋ! ኦ! ፈጢማ ቢንቲ(ጓል) መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ነብስኺ ካብ ሓዊ ኣድሕኒያ ኣነ ካብ ኣላህ ክከላኸለልኪ ሓይሊ የብለይን ዝምድናይ ጥራይ እየ ክዕቅበልኪ ዝኽእል" ኢሉ ነብይና መሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ንኣዝማዱ ስምዕታ ሃቦም።(2)
ብርግጽ ዕላውን መኻሪ ስብከት (ጻዊዒት) ነበረ። ብንጹር ድማ ነቶም ዝቐረቡ ኣዝማዱ ኣብ መጻኢ ምስኡ ዝህልዎም ርክብ በቲ ኣብኡ ከም ሉኡኽ ኣላህ ዝህልዎም እምነት ከምዝውሰን ዝሕብር መደረ ነበረ።
እቲ ኩሉ ሂወት ዓረብ ዝመስረተ ዝምድናዊ ርክብ ብድሕሪ እዚ ናይ መጨረሽታ ስምዕታ ኣብ መንጎኦም ከምዘይህልዉ እዉን እታ ጻዊዒት ተጠንቅቕ ነበረት።

*ኣብ መጻኢ ሕታም ኣልሁዳ ቁ:20 እንሻኣላህ ብዛዕባ (( ቁረይሽ ብሓቂ(እስልምና) ምጭራሕን፣ ግብረ-መልሲ ብዘሀ-ዜሂራውያንን ከነቕርብ ኢና::*

## ***ዳዕዋን ኣገባቡን***
## ***መለለይ ጠባይ ናይ ዳዒ(ሰባኺ) (5) ምስ ሰብ ምሕዋስ***

ምስ ሰብ ምሕዋስ ዶ ይሓይሽ ዋላ ካብኣቶም ምርሓቕን ምንጻልን?
ሓደ ሓደ ሰባት ምንጻል ይሓይሽ ዝብል መልሲ ክህቡ እንከለዉ መብዛሕቶም ካኣ ምስ ሰብ ምቕራብን ምሕዋስን ይሓይሽ ይብሉ::

ወዲ ሰብ ከምእትፈልጥዎ ኣብ ሕብረተሰብ ዝነብር ፍጡር እዩ::ማለት በይኑ ካብ ካለኦት ተነጺሉ ክነብር ኣይክእልን እዩ::ነቲ ናይ መዓልታዊ ንጥፈታት መነባብሮኡ ንምስልሳል ምስ ሰብ ተራኺቡ ጥራይ እዩ ከተግብሮ ዝኽእል::
ንሃይማኖት ብዝምልከት እውን ብዙሕ ናይ ምስልምና ትእዛዛትን ግቡኣትን ብናይ ሓባር ስራሓትን ምትሕግጋዝን ጥራይ እዩ ኣብ ተግባር ክውዕል ዝኽእል::ንኣብነት ሰላት ምፍጻም:ሃይማኖት ምምሃር ካልእ ብዙሕ ነገራት በይንኻ ካብ ካለኦት ተነጺልካ ዝትግበር ኣይኮነን::

***ናብ ምስልና ዝጽውዕ ምስ ሰብ ክሕወስ ካኣ ናይ ግድን እዩ::***
ናብ ምስልምና ምጽዋዕ ካብቲ ክትግበር ዝግበኦ ግቡእ ስለ ዝኾነ ነዚ ንምዕዋት ካኣ ምስ ሰብ ምቕራብን ምሕዋስን ኣድላይ እዩ::ሃይማኖት ምስልምና ኻኣ ኣብ ውልቀሰብ ጥራይ ዝተመርኮሰ ኣይኮነን እንታይ ዳኣ ካብ ውልቃውነት ነፍስኻ ወጺእካ ኣብ ግዳም ዝፍጸም መምርሒ እዩ:::ነዚ ዘብርህ ጉዕዞ ስብከት ነብይና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ ንመልከት::
ልኡኽ ኣላህ ሰይድና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ መልእኽቲ ኣላህ ንምብጻሕ ካብ መጀመርያ ኣትሒዙ ክሳብ ዘዕረፈላ መዓልቲ ምስ ሰብ ብምሕዋስ እዩ ናብቲ ናይ ረቢ መንገዲ ዝጽውዕን ዝሰብኽን ዝነበረ::ዋላ እቶም ብጾቱ ኣሰሩ ብምኽታል ካብ ሰብ ኣይተነጸሉን::ከምኡ ስለ ዝገበሩ እዮም ካኣ ነቲ ብርሃን ዝኾነ መልእኽቲ ምስልምና ከብጽሕውን ናባና ከሰጋግርዎን ዝኻኣሉ::

***ደረት ናይ ግቡእ ዝኾነ ምሕዋስ***
ምስ ስብከትን ጻውዒት ናም ምስልምና ብዝምልከት ምሕዋስ ግቡእ እዩ::  ዕላማ ናይ ስብከት ዘይሃልይዎ ግን እቲ ናይ ምስ ሰብ ምቕራብን ምሕዋስን ፍቑድን ዘይፍቑድን  ግዜ ኣለዉ::ማለት ኣብ ሓራም ዘእቱ ምሕዋስ እንተኾይኑ ክልኩል ክኸዉን እንከሉ ዱንያዊ ወይ ስብከታዊ ዕላማታት ትረኽበሉ ምሕዋስ ካኣ ፍቑድ ይኸዉን::

***ምእንቲ ኣላህ ኢልካ ምፍታዉን ምእንትኡ ኢልካ ምጽላእን::***
ምስ ሰብ ምሕዋስ ካኣ ኣብ መሰረት ፍትወት ምእንቲ ኣላህ ወይ ምእንትኡ ምጽላእ ክኸዉን ይግባእ::እዚ ማለት ካኣ እንተዳኣ ሓደ ውልቀሰብ ናይ ረቢ ትእዛዝ ዝፍጽም ኮይኑ እቲ ምስኡ ዘለካ ፍትወት ይድልድል
እንተዳኣ ትእዛዝ ኣላህ ዝትዕስ ኮይኑ ኻኣ:ነዛ ሕማቕ ተግባሩ ትጸልኦ::
እዚ ማለት ካኣ:ንተግባራቱ ኢኻ ትጸልኦ ዘለኻ እምበር ንዕኡ ኣይኮነን:እቲ ክግበር ዝግባእ ጻዕሪ ኻኣ ካብዚ ሕማቕ ትግባራት ንኽልግስ ምጽዓር እዩ::

***መንዮም እቶም ቀረባ ብጾት ሓደ ሰባኺ***
ናብ መንገዲ ምስልምና ምጽዋዕ ሓገዝትን ደገፍትን ስለ ዘድልዩ እቲ ሰባኺ ነዚ ዕላማ ክዕውቱ ዝኽእሉ ምስኡ ዝሰማምዑ ሰባት ክመርጽ ናይ ግድን ይኸዉን::እቶም ንረቢ ዝምእዘዙን ብመሰረት ሸርዑ ዝኸዱ ኣለልዩ ኻኣ ምስኦም ድልዱል ምትእስሳር ክገብር ናይ ግድን እዩ::ምስኦም ብሰላምን ብፍትወትን ምትኽብባርን ዝመለአ ጠባይ ኣማሊኡ ክኸይድ ካኣ ባህሪያዊን ኣገዳስን ይኸዉን::ካብቶም መንገዲ ረቡ ዝጥዕሱ ብመጠኑ ክርሕቅ ካኣ ኣድላይ እዩ::እዚ ግን ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቕስናዮ:ጽቡቕ ክምነየሎምን ካብቲ ግጉይ መንገዶም ክእለዩ ምጽዓር ግቡእ ናይ ሕደ ኣስላማይ ሰባኺ እዩ::

***ሰባኻይ ከማልኡ ዝግባእ ጠባያት:ምስ ብጾቱን ካለኦት ሰባትን***
ሓደ ሰባኻይ መሰል ናይ ብጾቱ ክሕሉ ይግባእ::ካብዚ መሰላት ካኣ:ንኣሕዋቱ ምሕጋዝን  ንጉድለታቶም ብጽቡቕ ጠባይ እናኣረመ ዕሸሽ ምባልን::ምኽኒያቱ ሰብ ኮይኑ ዘይጋገ ስለ ዘየልቦ::እንተዳኣ ብዝበደልዎ ጌጋታት ተኣሚኖም ክሳምሕን::ምኽኒያቱ ሓደ ጥዑይ ዝኾነ ኣስላማይ ነቲ ጽቡቕ ኣብ

ኣሕዋቱ ዝርከብ ዝንእድን ዘተባብዕን ክሽውን እንከሉ:ሕሙም ምስሉይ ዝኾነ ሰብ ካኣ ጉድለታት ኣሕዋቱ ዝጽብጽብን ብሕማች ዝዛረብን እዩ::

ጠባይ ናይ ሰባኺ ምስቶም ካለኡት ሰባት ካኣ ብሕማች ዘይምቕራብን ነቲ ካብ ድንቁርና ኣተሓሳስባ ዝመንጨወ ሕማች ተግባራቶም ብጹች ሜላ ምቕራብ::ነቶም እከይ ስራሓት ኣንጻር ምስልምነኦም ዝሰርሑ ካኣ ካብ እከይ ስራሓቶም ምጥንቃች::

*<u>ምንጻል ኣድላዪ ዝኾነሉ መዓስ እዩ</u>*

እንተዳኣ ምሕዋስ ንስብከት ናብ ምስልምና ኣድላይን ግቡእን ኢልና ጠቒስና:ሓደ ሓደ ግዜ ግን ሓደ ሰባኺ በይኑ ዝኾነሉ ጽምዋ የድልዮ እዩ::
ሸይኽ ኣልኢስላም ቢን ተይምያ ከምዝብልዎ:"" ሓደ ውልቀሰብ በይኑ ዝኾነሉ ግዜ የድልዮ እዩ::ምስ ነፍሱ ዝኾነሉን ዱዓ ዝገብረሉን:ዝሰግደሉን:ዝሓስበሉን:ንልቡ ዘመዓራርየሉን ጉድለታቱ ዝእርመሉን:: እዚ ናይ በይንኻ ምኻን ኣድላይነቱ ኻኣ ኣብዚ ዝስዕብ ነገራት ይርከብ::

1.ኩላትና ከም እንፈልጦ ኣብ ግዜ ሮመዳን ግዜ ኢዕቲካፍ ኣብ መስጊድ ኮይካ እትገብሮ ናይ ዒባዳት ፍጻሜታት እዚ በይንኻ ናይ ምኻን ጠባይ ጽቡች እዩ::ለይቲ ተሲእካ በይንኻ ኮይንካ ናይ ምስጋድ ጠባይ እውን ኣድላዪ እዩ::

2.ኣብ ገዝኡ በይኑ ወይ ኣብ ካልእ ቦታ ኸይዱ ስራሓቱ ክግምግመሉ ዘኽእሎ ጽምዋ ወይ በይንኻ ናይ ምኻን ግዜ እዉን ኣድላይ እዩ::

እዚ ኻኣ ዓቕሚ ነፍስኻ ንምፍላጥን ጽቡች ገምጋም ወሲድካ ንስራሓትካ ከምበሓድሽ ብሓዲሽ መንፈስ ምእንቲ ክትፍጽም ዝሕግዝ ስለ ዝኾነ እዩ::

……………………………………………………………………………………………………….

*መቐጸልታ ሸርሕ ሓዲስ ቁ;(2) ካብ መጽሓፍ ኣልኣርበዑን ኣልነወዊያ*

# *<u>ብዛዕባ ኢማን ንገረኒ</u>*

*ተርጓሚ:ዓብደልዓሊም ሰዒድ በያን*

((**ቓላ ፈኣኽብርኒ ዓን ኣልኢማን**)) ብዛዕባ ኢማን ንገረኒ በለ: ጅብሪል ይብል ኣሎ ኦ ኣንታ መሓመድ ብዛዕባ ኢማን ንገረኒ ?

ኢማን ኣብ ቛንቛ ተቀበለ ,ተኣመነ,መብጸዓ ምእታውን ምምእዛዝን ማለት እዩ ፡እሱ ድማ ምስቲ ሸርዕ ዝቓዶ እዩ ።
እንተኾነ ግን ኢማን ኣብ ቛንቛ ሓቀኛ ምኻን እዩ ምባሎም ካልእ ርእይቶ አለዎ ፡ ኣብ ቛንቛ ዓረብ በዚ ነገርዚ ኣሚነ ንእከለ ድማ ሓቀኛ ምኻኑ አሚነዮ ደኣምበር ንእከለ ኣሚነዮ ኣይበሃልን እዩ ፡ ነዚ ዝምልከተ ሼኽ አልኢስላም ኣቡ ተይሚያ ረቢ ይርሓሞ ፡ አስፊሑ ኣብ ኪታብ አልኢማን ዘርእስታ ተንቲንዎ ኣሎ ።

አባህላና ነቲ ኢማን ንምቅባሉ ዘገድድን ዘማእዝዝን ድማ ፡ ካብ ምጥንቃቅና ምናልባት ተኣሚኑ ግን አይ ተቀበሎን ፡ ንምሳለ ከም አቢ ጣልብ ሓወቦ ነብይ ዓለይሂ ሰላት ወስላም ፡ ብነብይ ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ተኣሚኑ እዩ ፡ እሱ ድማ ሓቀኛ ምእማን እዩ ነይሩ ። ግን በቲ አብ እስልምና ዝመጸ አይተቀበሎን ፡ ነስኣል ኣላህ አልዓፍያ ፡ አይተማእዘዘን ፡ ንነብይ ዓለይሂ ሰላት ወሰላም አይተኸተለን ፡ እቲ ተኣመኖ አይጠቀሞን ፡ ምቅባልን ምምእዛዝን ናይ ግድን እዩ ።

ስለዚ ኣህለል ኪታብ ብኣላህ ሙእምኒን እዮም ዝብል ሰብ ዓብይ ጌጋ ይጋገ ኣሎ፡ ከመይ ጌሮም ሙእምኒን ክኾኑ ፡ እቲ ሕጊ ናይ ኣላህ ከይተቀበሉ ብኡ ከይተማእዘዙን ? ፡ ያሁድን ነሳራን ረቢ ሉኡኹ ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ምስ ለኣኸ ክሒዶሞ እዮም: ስለዚ ሙስልሚን ኣይኮኑን ፡ እቲ ዲኖም ባጥል, ቁኑዕ ኣይኮነን ፡ ዝኾነ ሰብ እንተደኣ እምነቶም ሓቂ ምኻኑ ምስ እስልምና ኣማዓራርዩ ዝርኦ

ኾይኑ ፡ እሱውን ካፍር ካብ እስልምና ውጹእ እዩ ፡ እምነት (ኢማን ) ማለት ድማ ምቅባልን ምምእዛዝን እዩ ።
ሉኡኽ ናይ ኣላህ ከምዚ ክብል ንሕቶ ጅብሪል መለሰ

*" ኢማን ማለት ንረቢ ምእማን ፡ ማላእኽቱ ፡ መጻሕፍቱ ፡ ሉኡኻቱ ፡ በመወዳእታ መዓልቲ ፡ ብቀደር ኼር ይኹን ሸር በዘን ሹዱስተ ነገራት ክትኣምን በሎ"።*

*ብረቢ ምእማን ኣርባዕተ ነገራት የጠቃልል ፦*

***ቀዳማይ ፦*** ብህላወ ናይ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ምእማን ፡ ብህላወ ረቢ ዝከሓደ ሙእሚን ኣይኮነን ፡ ምስዚ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ነፍሱ ብህላወ ናይ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ወላ ሓደ የለን ፡ ዋላ"ኳ ፈርዖን እቲ ንሙሳ እንታይ እዩ ረበል ዓለሚን ዝበሎ ፡ ብህላወ ረቢ ተኣሚኑ እዩ ነይሩ ፡ ሰይድና ሙሳ ዓለይሂ ሰላም ከምቲ ኣብ ሱረት ኣልኢስራእ ጥቅሲ ቁ.102 ተጠቒሱ ዘሎ:
قَالَ لَقَدْ عَلِمْتَ مَا أَنزَلَ هَؤُلاء إِلاَّ رَبُّ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ بَصَائِرَ وَإِنِّي لأَظُنُّكَ يَا فِرْعَوْنُ مَثْبُوراً (*102*)
ግን ካሕዳይ እዩ ነይሩ ከምቲ ኣልላሁ ተዓላ ኣብ ሱረት ኣልነምል(ጻጸ) ጥቅሲ ቁ.14 ዝበሎ ።
وَجَحَدُوا بِهَا وَاسْتَيْقَنَتْهَا أَنْفُسُهُمْ ظُلْماً وَعُلُوّاً فَانظُرْ كَيْفَ كَانَ عَاقِبَةُ الْمُفْسِدِينَ (*14*)
***ካልኣይ ፦*** ፍሉይነት ናይ ኣላህ ኣብ ሩቡብያ ምእማን ፡
እሱ ሓደ ረቢ እዩ: እቲ ፈጣርን ወናንን ወሳንን ፡ መን'ዩ ሰማይን መሬትን ዝፈጠረ ? ኣላህ ዓዛ ወጀል:: ከምኡውን መን'ዩ ሰብ ዝፈጠረ ? ኣላህ ዓዛ ወጀል ፡ መንዩ ኩነታት ሰማይን መሬትን ዝውንን ? ኣላህ ዓዛ ወጀል ።
***ሳልሳይ*** *፦*ፍሉይነት ናይ ኣላህ ኣብ እሉህያ ምእማን ፡
ሓደ ኣላህ በጀካኡ ኣላህ ወይ ጎይታ ዝሻረኾ ከምዘየሎ ምእማን ፡ እንተደአ ዝኾነ ሰብ ምስ ኣላህ ካልእይ ዝግዛእ ኣሎ ዝብል እንተደአ ሃልዩ እዚ ሰብዚ ብኣላህ ኣይኣምንን ማለት እዩ ፡ ነይ ግድን'ዩ ኣብ ኡሉህያ ፍሉይነት ከም ዘለዎ ክትኣምን ወይ ኻአ ብኣላህ ኣይ ኣመንካን ማለት እዩ ።

***ራብዓይ*** *፦*ብኣስማቱን ስፋቱን ምእማን ፡
በቲ ባዕሉ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ኪታቡ ንነብሱ ዘረጋገጸ ፡ ወይ ከኣ ብሱና ናይ ሉኡኹ ተረጋገጸ ኣስማቱን ስፋቱን ከምቲ ዝግበአ ኣንፈት ከይዘንበዕካ .ኣሰንከልካ. መዘነት ከይገበርካ ከተረጋግጽ ይግባእ ፡ እቲ ጥቅስታት ኣልስፋት ወይ ከኣ ኣሓዲስ ኣልስፋት ዘዘንበዓ ፡ ኢማን ብኣላህ አየረጋገጸን።
ን ኣብ ሱረት ጣሃ ጥቅሲ ቁ-5 ንቃል ኢስተዋ ትብል ገሊኦም ሰባት እውን ኢሎም:
الرَّحْمَنُ عَلَى الْعَرْشِ اسْتَوَى (5)
ነቲ ዓርሺ መንዘዐ ወይ ወሰደ ኢሎም ተርጊሞሞ ፡ ቱርጉሙ ኣብ ቛንቛን ኣብ ሸርዕን ግን: ልዒሉ: ልዑል: ኣብቲ ልዕሊ ዓርሺ ፡ ግን ፍሉይ ምልዓል ምኳኑ ምርዳእ የድሊ::እቲ ሓፈሻዊ ልዑል ምባል ናብ ኩሎም ፍጡራቱ ኣይኮነን ፡
እዚ እቲ ብወሰደ ወይ መንዘዐ ዝቶርጎመ እቲ ኢማን ብኣላህ አየረጋገጸን፡ ስለምንታይ እቲ ሲፋ( መግለጺ) ረቢ ንንብሱ ዘረጋገጸ ነጺጉዎ እዩ ፡ እቲ ግቡእ ከረጋግጾ እዩ ዝግባእ ።

እቲ ሱረት ሳድ ካብ ጥቅሲ 75
( لِمَا خَلَقْتُ بِيَدَيَّ (75)
ነታ ኢደይ ዝበላ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብዛ ጥቅሲ ፡ ብክእለተይ ወይ ሓይለይ ኣላህ ኢድ የብሉን ዝበለውን ኢማን ብኣላህ ኣየረጋገጸን ፦ኢማን ብኣላህ አረጋግጹ እንተደአ ዝነብር ፡ ኣላህ ኢድ አለዎ ግን ናይ ፍጡራት ኢድ ኣይትመስልን እያ ፡ ከምቲ ዝበሎ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ሹውራ ካብ ጥቅሲ ቁ.11 () ንዕኡ ዝመስል ነገር የልቦን ፡ እቲ ግቡእ በቲ እሱ ብዛዕባ ነብሱ ዝነገረና ጥራይ ኢና ክንዛረብ ዝግባእ ፡ ባዕልና ንዝይረኣናዮ ሰብ ዋላ"ኳ ኣብቲ ንቅመጠሉ ዓዲ ይሃሉ ክንዛረበሉ ኣይንኽእልን እና ፡ ከምዚ ሕጸረት ካብ ሃለወና ብዘይ ፍልጠት ከመይ ጌርና ኢና ብዛዕባ ኣላህ ንዛረብ ።

እንተደአ ሓደ-ሰብ ኣላህ ብዝስማዕ ቃላት ኣይዛረብን እዩ ፡ እቲ ቱርጉም ወይ ማዕና ናይቲ ዘረባ ጥራሕ እዩ ፡ እቲ ጅብሪል ዝሰመዖ ዝነበረ ድማ ፍጡር እዩ ፡ ኣላህ ዓዛ ወጀል ነቲ ኣብ ነብሱ ዘሎ ንምግላጽ ድምጺታት ፈጢሩ ፡ እዚ ከምዚ ዝብል እቲ ኣየረጋገጾን ፡ በዚ ኣገባብ ጌርካ ነቲ ዘረባ ምትንታን ኣላህሲ ክዛረብ ከም ዘይክእል ጌርካ ምሕሳብ ማለት እዩ ።

ስለዚ ኩሎም እቶም ኣብ አስማትን ሲፋትን ሙብተድዒን ዝኾኑ ፣ ሰልፍ አልሳልሕ ዘይገበርዎ ዝገብሩ ፣ ኢማን አየረጋገጹን እዮም ፣ ሙእምኒን ኣይኮኑን አይንብልን ብዘይ ጥርጥር ሙእምኒን እዮም ፣ ግን እቲ ኢማን ብኣላህ አየረጋገጽዎን እዮም ዘለዉ ፣ ካብቲ አርባዕተ ነገራት ዝጎደሎም እቲ ራብዓይ እዩ ፣ ብኣስማእን ስፋትን ናይ አላህ ምእማን ስለዚ እቲ ኢማን ብአላህ ኣየረጋገጹን ፣ ጌጋተኛታት እዮም ፣ በቲ መምርሒታት ናይ ሰለፍ ኣልሳልሕ ሙኻልፊን እዮም ፣ መምረሒኦም ድማ ብዘይ ኣጠራጣር ግጉይ እዩ ።ግን ነዚ አብ ግጉይ መገዲ ዘሎ ሰብ ንቅደ ብመርትየታት ጌርካ ምስኡ ምርድዳእ ግጉይ ኢልና ክንፈርዶ ኣይግባእን ፡እንታይዳኣ ነቲ ቅኑዕ ዝኾነ መርትየ ኣቕሪብና ድሕሪ ምዝታይ ካብቲ ጌጋ ዘለዎ  ምምላስ ምስ ዝኣቢ ጌገኛን ኣብቲ ሓቂ ዝኾነ መምረሒታት አልሰለፍ አልሳልሕ ዝተጻረሮ ድማ ሙብተድዕ( ዘይነበረ ሓዲሽ ዘምጸአ) ይኸውን ፣ ዋላ”ካ ኣብ ካልእ ነገራት ሰለፊ እንተኾነ ፣ ምሉእ ብምሉእ ሰለፊ ክንብሎ ኣይንኽእልን ዋላ”ውን ምሉእ ብምሉእ ሙብተድዕ እዩ ክበሃል ኣይካኣልን ፣ እንታይደኣ ሰለፊ ኣብቲ ሓቂ ሒዙ ኣሰር ናይ ሰለፍ አልሳልሕ ተኸቲሉ ፣ ሙብተድዕ ይብሃል አብቲ ምስ ሰለፍ ኣልሳልሕ ዝጻረሮ ።

ካብቲ ብዛዕባ አስማትን ሲፋትን ዝተረኽበ ፍልልያት ቱርጉም ናይዚ ሓዲስ:: ( ኣና ኣላሃ ኻላቓ ኣደም ዓላ ሱረቲሂ)) **ትርጉሙ ኻኣ**:"" ኣላህ ንኣዳም ከም ምስሉ ጌሩ እዩ ፈጢርዎ"" ዝብል እዩ::  ብዙሕ ተዛሪበሙሉ ተኻቲየምሉ ፣ ከመይ ጌሩ ከም ስእሉ ተፈጢሩ ? ገሊኣቶ ካብቲ ናይ ብሓቂ ትርጉሙ ኣዘንብዐሞ ፣ ቱርጉም ናይ ንኣደም ከም ስእሉ ፈጢሩዎ ማለት ከም ስእሊ ኣደም ማለት እዩ በሉ ፣ ኣላሁ ኣልሙስተዓን ፣ እዚ ክኸውን ዘይክእል ነገር እዩ ፣ ቁሩብ ናይ ዓረብ ቛንቛ ኣፍፍኖት ዘለዎ ሰብ ብቀሊሉ ክርደኦ ዝኽእል እዩ:: ማለቶም ኣላህ ንኣደም ከም ስእሊ ኣደም ጌሮ ፈጢርዋ ፣ እዚ ዘይቅቡል ዘረባ እዩ ፣ አላህ ድማ ንዝኾነ ሰብ ዝኾነ ሰብ ከም ስእሉ ጌሩ እዩ ፍጢሩዎ ፣ እንታይ እዩ እቲ ፍሉይ ፍጥረ ኣደም ፣ ኣቲ ነገር ክምዚ ዝቶርጎምዎ እንተደኣ ኮይኑ ፣ ትፈልጥዶ ስለምንታይ እዚ ግጉይ መግለጺዚ ዝበሉ ? እንታይ ማለቶም ፣ እንተደኣ ስእሊ ናይ ረቢ ኢልና ፣ ረቢ ንፍጡራቱ ኣምስልናዮ ማለት እዩ ፣ ስእሊ ናይ ዝኾነ ነገር ይመስሎ ስለ ዝኾነ ፣ ግን ኣላህ ንዕኡ ዝመስሎ ነገር የለን ።
መልስና ነዚ ዘረባዚ ድማ ፣ እንተደ ነቲ ጽሑፍ ግቡኡ ሂብናዮ ወይ ብግቡእ አንቢብናዮ ፣ ከምዚ ዝስዕብ ምተረድእዎ  ነይሮም ፣ አላህ ንኣደም ከም ስእሉ( መልክዑ ) ጌሮ ፈጢሩዎ ፣ ግን ዝኾነ ነገር ከም አላህ ዝመስል የለን ፣ ነዚ ትብልዎ ዘለኹም ዘረባ ኣዕጋቢ ዝኾነ ምሳሌ ፣ ዝኾነ ነገር ከም ስእሊ እቲ ነገር እንክሎ ግን ዘይመስሎ ሃቡና ኣንተበሉ ድማ ፣ እዚ ዝስዕብ ቅኑዕ ዝኾነ ሓዲስ መልስና ይኸውን ።
ልኡኽ ናይ አላህ ሰላ ኣላሁ ዓለሂ ወሰለም ኢሎም “ እቶም መጀመርታ ጀና ዛአትዉ ሰባት ከም ስእሊ እኽልቲ ወርሒ ኣብ ብሩህ ለይቲ ፣ እቶም ብድሕረኦም ናብ ጀና ዝስዕብዎም ድማ ከምቲ ዝበረሀ ኮኾብ ኣብ ሰማይ እዮም “ ። ሕቶና ኣብዚ ፣ እዞም ከም ስእሊ ወርሒ  ንጀና ዝኣተዉ ሰባት ብኩሉ መልክዕ ናይ ወርሒ መሲሎም ድዮም ጀና ኣትዮም ትሓስብ ወይስ ከም ወርሒ ኣብ ብርሃንን ግርማን ምኽባብ ገጻምን ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ንወርሒ ዝመስል ነገራት ፣ ምስሊ ብኩሉ መልክዕ ኣይኮነን ።
እንተደኣ ስእሉም ከምቲ ቀዳማይ ኢልካ  ንወርሒ ምሉእ አመሳስላ ይመስሉ ፣ ማለት ጀና ክኣትዉ ኸለዉ ብዘይ ዓይኒን አፍን ኣትዮም ይኾኑ አለዉ ፣ እቲ ካልኣይ ክትብል ከለኻ ግን እቲ ሽግር ናይ ምስሊ ፣ ይለግስ እቲ ስእሊ ናይ ነቲ ነገር ብኩሉ ሸነኻት ክመስሎ ነይግድን ኣይኮውንን ።

ዝኾነ ኾይኑ ፣ ዓንቀጽ ሲፋት ዓዚም ዝኾነ ዓንቀጽ እዩ ፣ ወዲ-ሰብ ካብዚ ዝተሓላለኸ ኩነታት ናይ ሰፋት ክድሕን መታን ፣ መምረሒታት አልሰለፍ ኣልሳልሕ ክኽተል ይግባእ ፣ እሱ ድማ እቲ አላሁ ተዓላ ንነፍሱ ዘረጋገጾ ምርግጋጽ እቲ ካብ ነፍሱ ዝነጸጎ ምስ እትነጽግ ከተዕርፍ ኢኻ ።
ዘየድሊ ምምርማር ኣብ ናይ ሲፋት ጉዳይ ኣብ ዘይትፈልጦ ዓዝቕቲ ምውዳቕን ምጥሓልን ስለ ዝኾነ: ካብዚ ጉዳይ በቲ ቀዳሞት ኣስላም ዝሃቡና መምሪሒታት ንዕኡ ምስዓብ የድሊ::

*ኣብ መጻኢ ሕታምና ኻአ ብዛዕባ መላኢካ ክፉል ናይዚ ሓዲስ እዚ ከነዳሉ ክንፍትን ኢና::*

## وَلا تَنَازَعُوا فَتَفْشَلُوا وَتَذْهَبَ رِيحُكُمْ

እዛ ኣልተናዙዕ( ግጭት ) እትብል ቃል ኣብ ቁርኣን ኣብ ሸውዓተ ዝተፈላለየ ቦታታት ተጠቒሳ ትርከብ::ቃል ኣልፈሽል( ስዕረት.ፍሽለት) ካኣ ኣብ ኣርባዕተ ቦታታት ተጠቒሳ እውን ንረኽባ::ክልቲኣን ቃላት ብሓንሳብ ብምትእስሳር ካኣ ኣብ ሰለስተ ቦታታት ተጠቒሰን ንረኽበን::
ቅድም ኣተናዙዕ ከምኡዉን ፍሽለት እንታይ ከምዝኾነ ምፍላጥ የድሊ::

1.ምግርጫው.ምባኣስ.ምስሕሓብ.( ናብ ጽልእን, ቅርሕንትን, ምቅይያምን ዘብጽሕ ጠባያት)
ግርጭት,ባእሲ,ህውከት,ግጭት,ተጻራርነት, ማለት  እዩ::

2.ፍሽለት.ዘይምስማር,ምብርዓን,ብላሽ ምትራፍ,

ኣላህ ዓዛወጀል:እቲ ልዑል ዝኾነ ኣላህ ይብል:

وَأَطِيعُوااللَّهَ وَرَسُولَهُ وَلا تَنَازَعُوا فَتَفْشَلُوا وَتَذْهَبَ رِيحُكُمْ وَاصْبِرُوا إِنَّ اللَّهَ مَعَ الصَّابِرِينَ (46)

ሓፈሻዊ ትርጉም  ኣያ (ትቕሲ) ኻኣ:ኣላህ ንሽይንባእስን ነንሕድሕድና ከይንጋራጨውን ይእዝዘና::ምኽንያቱ ባእስን ግጭትን ናብ ፍሽለትን ስዕረትን ስለ ዘወስድ))
እዚ ናይ ረቢ ዘረባ ኻኣ ብዘየዋላውል መገዲ :ፍሽለትን ስዕረትን ኣብ መዳይ ውልቀሰብ ኮይኑ ወይ ኣብ መዳይ ሕብረተሰብ እቲ ቀንዲ ጥንቁ ምብኣስን ምግርጫውን ምጽልላእን እዩ::

ግን  ካብቲ ብዙሕ ዝኾነ መበቆል  ግጭትን  ባእሲን ገለ ካብኡ ምጥቃስ የድሊ::ዝተፈላለየ ኣንፈት ዝሓዙ ሰባትን ዝተፈላላየ ኣራእያን ሓሳባትን ኣብ ዝህሉ ግዜ:እንተዳኣ ናይ መሳማምዒ ነጥቢ ጌርካ ዘይከይድካ:ናይ ምዕጋስን ሕድገትን ጠባይ ዘየማላእካ:በቲ ናይ ዝበዝሐ ደገፍ ዘለዎ ርኢቶ ዘየኽበርካ:እቲ ውጺኢቱ ናብ ባእስን ምቅሕሓርን ምስሕሓብን እዩ  ዘወስድን ዝመርሕን::እዚ ኻኣ ባህሪያዊ ዝኾነ ነገር እዩ::እቲ ናይ መጨረሽታ ሳዕቤኑ ኻኣ ፍሽለትን ንሓይልኻ ምብኻንን ኮይኑ ይተርፍ::ከምኡ ስለዝኾነ እዩ:ኣላህ ከምዚ ዝበለ:

فَتَفْشَلُوا وَتَذْهَبَ رِيحُكُمْ እቲ ፍሽለት ኣብዛ ጥቕሲ ኣያ ተጠቒሱ ዘሎ ኻኣ ነቲ ናይ ጸላኢ ንምግጣም ዘኽእለካ ዓቕሚ ዘይምህላዉ እዩ::ብእኡ መሰረት ካኣ እቲ ክህሉ ዝነበሮ ሓይሊ ናይ ጥርናፈን ብርታዕን ይዳኽምን ይሃስስን ይቕህምን::

ግን ግጭት ናብ ፍሽለት ጥራይ ኣይኮነን  ዘወስድ: ናብ ምጽልላእን ምቅሕሓርን ካኣ የምርሕ እዩ::ነቲ ናይ ምትሕብባርን ምድግጋፍን ዝነበረ ድልየት እዉን ብሕማቕ እዩ ዝጸልዎ:ከምዝለግስ ውን ይገብሮ እዩ::ኣብ ክንደኡ እቲ ኣብቲ ሕማቕ ዝኾነ ውድድር ንነብስኻ ናይ ምልዓልን ንርኢቶኻ ንምዕዋት ንካለኦት ምጽላም ዝኣመሰለ ጠባያት እውን ይሰፍን::

ኣላህ ነቶም ምእመናን ናብዚ ሕማቕ ዝኾነ ዓዘቕቲ ከይወድቁ ከምዚ እናበለ ይምዕዶምን ይእዝዞምን
وَأَطِيعُوااللَّهَ وَرَسُولَهُ وَلا تَنَازَعُوا فَتَفْشَلُوا وَتَذْهَبَ رِيحُكُمْ وَاصْبِرُوا إِنَّ اللَّهَ مَعَ الصَّابِرِينَ (46)

እቲ ካብ ግጭትን ባእስን ፍሽለትን ስዕረትን:እቲ ንሓይሊን ዓቕምታትን ክእለታትን ዝዓቅብ:እቲ ንኣላህን ከምኡውን ልኡኽን ምምእዛዛ እዩ::እዚ ማለት ካኣ እንተዳኣ መምረሒ ናይ ኣላህን ናይ ረሱል ተኸቲልና እቲ ሃዋህው ናይ ግጭትን ባእስን ይጎድል ይዝሕትልን ማለት እዩ::እዚ ንምትግባር እውን ትዕግስቲ ብምግባር ነቲ ናይ ምስሕሓብ ሃዋህው ክስገር ይካኣል::

| |
|---|
| **ዝኾነ ጽሑፋትን: ሓሳብ ኮይኑ መአረምታን በዚ ዝስዕብ ኢሜል ክትልእኩልና ንላቦ::**<br>**webmaster@alhuda1.com** |